# ውግእ እግሪ መኸል




ካልኣይ ወራር ወያነ ንምፍሻል ካብ ዘካየድናዮም ዓሰርተታት ውግኣት ሓደ፡ ኣብ ክንፊ ጾሮና (እግሪ መኸልን ፈራሲትን) ዘተኻየደ ውግእ'ዩ። ነዚ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ዓቢ ምዕራፍ ዝውንን ፍጻመ ኣልዒለ መጽሓፍ ክጽሕፍ ፈለማ ድፍረት መሲሉ'ኳ ተሰሚዑኒ እንተ ነበረ፡ ድሕሪ ነዊሕ ምምታእ ግን 'ግድን ክገብሮ ኣለኒ፡' ብምባል ንነብሰይ ኣእሚነ ተበጊሰ። እነሆ ድማ ተበግሶይ ኣብ ዓወት ስለ ዝበጽሐ፡ ንነብሰይ ዕድለኛ ኢኺ እብላ።

ውግእ እግሪ መኸል ኣብ ጸቢብ ዓንኬል ዝተኻየደ እኳ እንተ ነበረ፡ ምስ ክብደቱ ዝመጣጠን ሓያሎይ ኣሃዱታት ተሳቲፈንኦ ብምንባረን፡ ንነፍስ ወከፍ ቦጦሎኒ ረኺበ ታሪኽ ክስንድን ቃለ መሕትት ከካይድን ናብ ድፋዓት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ በጺሐ'የ። ክልተ ግዜ ናብ እዚ ምብራቕ (ግንባር ዓሰብ)፡ 71፡ 64 ኪ.ሜ.፡ ሃሎ፡ ባዳ፣ እዚ ማእከል፡ ኣምበሰተ-ገለባ፡ ጸሊም ቀላይ፡ ሓድሽ ዓዲ (ኣኽራን) ሩባ ስሩ፡ ጾሮና፡ እንዳ ዕሽ፡ ክሳድ ዒቃን እንዳ ገርግሸን፣ እዚ ምዕራብ፡ ዓዲ ማእለል፡ እላላ፡ ማይ ሽግሊ፡ ተሰነይን ባረንቱን፣ እዚ ተወርዋሪ፡ ገርገራ፡ ዓዲ ሃሎ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ማእከል ኣስመራን ካልኦት ከተማታት ኤርትራን ብዘይምስልካይ ተንቀሳቒሰ። ከም ውጽኢቱ ድማ ልዕሊ 500 ኣባላት ሰራዊት ከዘራርብ ክኢለ። ዝረኸብክዎ ሓበሬታ እኹል'ኳ እንተ ኾነ፡ ተመሳሳሊ ፍጻመ ምስ ምኟኑ ግን፡ ኣሃዱታት ዝተጻወትኦ ተራን እጃምን ምስ ውልቀ

ጅግንነት እናጣመርኩ ብጥበባዊ ኣዘናትዋ መሳጥነት ከልብሶ ከቢድ ጻዕሪ ሓቲቱኒ’ዩ።

ቅድሚ ሕጂ ብኣሕተምቲ ሕድሪ ካብ ዝተሓትማ መጻሕፍቲ፡ ኣብ መቐይሮ፡ ስዉእ ታንክ ዘዊሩን ጠስምና ተበሊዓ ዝብላ ዛንታታት፣ ኣብ ፈንቅል፡ ማናጀ፡ ክትሓድር የብላን፡ ፈንቃሊ ትብዓትን ግንባር ዳህላክን፡ ኣብ ናቕፋ ድማ ዓጽሚ ስዉእ ኣብ ዓይኒ ብሩር ዝብላ ዛንታታት ምስ ጸሓፍኩ፡ ብዙሓት መጐስን ምትብባዕን ብምሃብ ናይ በይነይ መጽሓፍ ከዳሉ ስለ ዝደፋፍኡኒ፡ ንተበግሶይ ዓቢ ድርኺት ነይርዎም’ዩ። ተበግሶይ ብዘይ ጸገም ክፍጽም ድማ ካብ ዝለዓለ ክሳብ ዝተሓተ ምቕሉል ምትሕብባርን ምትብባዕን ሓይልታት ምክልኻል ስለ ዝነበረ፡ ንኹሎም በዚ ኣጋጣሚ ከመስግኖም እደሊ።